## *ምንቅስቓስ ስፖርት ሕጻናትን መንእሰያትን ማሕበረሰብ ከተማ ማንሃይም ከባቢኣን 1000 ይሮ ንማዕከን ሰማእታት ኤርትራ ኣወፍያ*

*ምንቅስቓስ ስፖርት ሕጻናትን መንእሰያትን ጋንታ ቀይሕ ባሕሪ ከተማ ማንሃይም ከባቢኣን ኣብቲ ድሮ ናጽነት ኣብ ውሽጥን ወጻኢን ህዝቢ ኤርትራ "ልምዓት ብጽንዓት" ብዝብል ቴማ ዝኽበር ጽንብል መበል 24 ዓመት ናጽነት ንምኽባርን ንምጽምባልን ንምድማቕ፡ ኣብ ዝዳለወሉን ዝሽባሸብሉን ዘሎ ቅነ ብዕለት 09.05.2015 ኣብ ከተማ ማንሃይም ኣታዊኡ ኣብ ምንባይ ስድራቤት ስውኣት ዝውዕል ብርክት ዝበሉ ኤርትራውያንን ወጻእተኛታትን ህጻናትን መንእሰያትን ዓበይትን ዘሳተፈ ድሙቕ ባህላዊ መደብ ኣካይዳ። ኣብቲ ብሕጻናትን መንእሰያትን ወለዶምን ኣብ ትሕቲ ጽላል ማሕበረሰብ ማንሃይን ተዳለወ መደብ ኤርትራውያን ተቐማጦ ማንሃይም ብሃገራዊ ወኒን ባህታን ብምውሳእ ነቲ ብዓል ውዕዉዕ ድምቀት ከህቦ ከሎ ፡ ንወጻእትኛታት ተሳተፍቲ በዓል ድማ በቲ ኣብነታዊ ውህደት ኤርትራውያንን ባህላዊ እንግዶትን ትልህቲን ዓቢ ኣድናቖት ባህግን ስለ ዘሕደረሎም፡ ብብዝሒ ኣብ ተዳልዩ ዝነበረ መደባት ብምስታፍት ሓጎሶም ብምግላጽ ፡ መደብ ባህላዊ ትልሂት ከተማ ማንሃይም ብዓወት ከዛዘም ከሎ ፡ ናይቲ መዓልቲ ኣታዊ ድማ 1000 ይሮ ንማዕከን ምንባይ ሰማእታት ስድራቤት ስውኣት ተወፍዩ።*

*በዚ ኣጋጣሚ ከጥቀስ ዘለዎ ኣብ ከተማ ማንሃይም ኣብ ልዕሊ እቲ ብኤርትራውያን ወዳቤታት ማለት ማሕበርሰብ፡ ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ. ፡ ሃ.ማ.ደ.ኤ.ን መንእሰያትን ብውህደት ዘካይድዎ ናይ ከተማኦም ንጥፈታት ፡ ንብጀርመን ደርጃ ብቐጻሊ ዝካየዱ ተፈላለዩ መንግስታውን ህዝባዊን ሰሚናራት ጉባኤታት ናይ ውዳቤታት ኣኼባታትን ዝካየደሉን ፡ ብውሁዳትን ስሙራትን ሃገራውያን ውዳቤታት ናይቲ ከተማ ፍሉይን ፍሕሸውን ኣገለግሎት ዝብርከትሉ ከተማ ምኻኑ እዩ።*

*ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና!*

*ዓወት ንሓፋሽ !*

*ምንቅስቓስ ስፖርት ሕጻናትን መንእሰያትን ማሕበረሰብ ከተማ ማንሃይም ከባቢኣን*